# መቕድም

## ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ

ኣሳናዳእቲ

ሰለሞን በርሀ
ኣኸደር ኣሕመዲን
ጥዑምዝጊ ተስፉይ

እቲ ብ1 መስከረም 1961 ጀሚሩ ድሕሪ 30 ዓመታት ብ24 ግንቦት 1991 ዝተዛዘመ፣ ኣብ ዘመናዊ ታሪኽ ዓለም ብንውሓቱን ምረቱን ሒደት መዳርግቲ ዝርከቦ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ፣ መስተንክር ትብዓትን ጅግንነትን ኤርትራውያን ዝምስክር፣ ተኣምር ክበሃል ዝከኣል፣ ተጸብጺቡን ተጻሒፉን ክውዳእ ዘይክእል ቅያታት ዝሓቖፈ እዩ፡፡ ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል፣ ካብ ክፍላ ለካቲት 1990 ጀሚሩ ክሳዕ ዕለተ ናጽነት፣ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ፣ ዞባ ደቡብ፣ ኣጻምእ ደንካልያን ውሽጢ ኢትዮጵያን ዝተኻየደ፣ ከቢድ መስዋእቲ ዝሓተተ፣ ናይ ድሮ ናጽነት ወተሃደራዊ ግጥማት፣ ከምኡ’ውን እቲ ግንባር ደቀምሓረ ብምፍራሱ፣ ምስ ምትሓዝ ኣስመራ ዘበሰረ፣ ዛዛሚ ስትራተጅያዊ መጥቃዕቲን ከኣ ካብቶም ጐሊሖም ዝጥቀሱ ጅግንነታዊ ፍጻመታት ሓርነታዊ ቓልስና እዮም፡፡

ኤርትራዊ ተጋዳላይ፣ ናብዚ ናይ መወዳእታ ስትራተጅያዊ መጥቃዕቲ ክሰጋገር፣ ካብ ግዜ ምዝላቕ 1978 ጀሚሩ፣ ምስ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ፣ ኣብ እምባታት ናቕፋ፣ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ባርካን ኣብ ቀዋሚ ዕርድታት፣ ከምኡ’ውን ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ብደባይን ተንቃሳቓሲን ውግኣት ን13 ዓመታት መመላእታ ትንፋስ ዘይህብ መሪር ውግኣትን ሓያል ጽንዓት ዝሓትት ፈታኒ መድረኽን ኣሕሊፉ እዩ፡፡ መጥቃዕቲ ደቀምሓረ ኸኣ፣ ደምዳሚ ስርሒት ቃልሲ 30 ዓመት ኰይኑ፣ ውጽኢት ናይቲ ንዓመታት ዝተኻየደ ንገዛእቲ ኢትዮጵያን ዘራያታቶምን ኣረብሪቡ ናብ ፍጹም ስዕረት ዘብጽሖም፣ ማእለያ ዘይብሉ ናይ ምርብራብ ግጥማት እዩ፡፡

እዚ ብኣጋጣሚ ብሩራዊ እዮቤልዩ ናጽነት ኤርትራ፣ ‘’መፈጸምታ’’ ብዝብል ኣርእስቲ ዝሕተም ዘሎ መጽሓፍ፣ 4ይ ቅጺ ተኸታታሊ መጻሕፍቲ

ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ኰይኑ፣ ንዝኽሪ ናይዚ ጸሓይ ናጽነት መሊኡ ዘብረቐ ናይ መወዳእታ ግጥማት ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ፣፣

መእተዊ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፣ ድሕሪ 1978 ሰውራ ኤርትራ ዝሓለፎም ሰለስተ መድረኻት ኩናት (መድረኻት ምክልኻል፣ ጃላነትን መጥቃዕቲን) ከም ድሕረ-ባይታ ብሕጽር ዝበለ መልክዕ ጠቒሱ፣ ኣብቲ ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል ዝተኻየደ ግጥማት ዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣስፊሩ ኣሎ፣፣ እዚ ሓፈሻዊ መእተዊ'ዚ፣ ኣብ ማእከል ምርምርን ስነዳን ዝተረኽቡ ሰነዳት ህዝባዊ ግንባርን መግዛእቲ ኢትዮጵያን ምርኩስ ብምግባር፣ ከምኡ'ውን ካብ ቃለ-መሕትት ጀነራል ስብሓት ኤፍሬምን ጀነራል ፊልጶስ ወልደዮሃንስን ዝተረኽበ ሓበሬታዊ ጽሑፍን ካልእን ተዋጺኡ ዝተዳለወ እዩ፣፣ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ግን፣ እቶም ብጸሓፍቲን ተረኺቲን ቀሪቦም ዘለዉ ኣብ ሓቀኛ ፍጻመታት ዝተመስረቱ 36 ዛንታታት ዝኽሪ እዮም፣፣ እዞም ዛንታታት እዚኣቶም፣ ኣብ ድሮ ናጽነትን ዕለተ ናጽነትን ንዝነበረ ኹነታት ዘንጸባርቑ ኰይኖም፣ ኣብ መቓን ናይቲ ኣብ መእተዊ ብሓጺሩ ሰፊሩ ዘሎ ታሪኻዊ ኣእቲኻ ዝርኣዩ እዮም፣፣

መስተንክር ጅግንነት ናይቶም፣ ኣብ ኣጻምእ ደንከል ከበድቲ ግጥማት፣ ኣብ ግንባራት ጊንዳዕን ደቀምሓረን ሓያል ምርብራብ ዘካየዱ፣ ዶብ ሰጊሮም ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኣብ ጐድኒ ሰራዊት ወያነ ብምስላፍ፣ ካብ መጥቃዕቲ ሽረ እንዳ ስላሰ ክሳዕ ምትሓዝ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ሓያሎ ግጥማት ቅያታት ዝፈጸሙ ተጋደልቲ፣ ኣብ ሓደ ሕታም ብምልኣት ክግለጽ ዝከኣል'ኳ እንተ ዘይኰነ፣ እዚ ካብ ሪቕ ብሕፍንቲ ቀሪቡ ዘሎ ዝኽርታት፣ ነቲ ዝነበረ ሃዋህው ብመጠኑ ከንጸባርቕ ትጽቢትና እዩ፣፣

እዚ መጽሓፍ'ዚ ብተበግሶ ኣሕተምቲ ሕድሪን ምትሕግጋዝ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍን እተሰናድአ ኰይኑ፣ ናይ ብዙሓት ካልኦት ኣካላትን ውልቀሰባትን ኣበርክቶ እውን ዘሎዎ እዩ፣፣ ክፍሊ ምርምርን ስነዳን ህግደፍን ሚኒስትሪ ዜናን ከም ወትሩ፣ መወከሲ ጽሑፋት ኰነ ኣሳእልን ካርታትን ብምቕራብ ትሕዝቶን ጽባቐን ናይዚ መጽሓፍ'ዚ ኣብ ምምዕራግ ዓቢ ኣበርክቶ ገይሮም እዮም፣፣ መኰነን ሓበሬታን ጐስጓስን ሚኒስትሪ ምክልኻል፣ ማሕበራት ገድሊ፣ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ግጥማት ዝተሳተፉ ተጋደልቲ ድማ፣ ዝኽርታቶም ብምክፋል ኰነ ውዕሎታቶም ብምዝንታው ዝገበሩዎ ምትሕብባር፣ እዚ መጽሓፍ'ዚ ንሕትመት ክበቅዕ፣ ልዑል ወፈያ ገይሩ እዩ፣፣ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንኹሎም ኣብ ምስንዳእ እዚ መጽሓፍ'ዚ ኣበርክቶ ዝገበሩ ጸሓፍቲ፣

ኣዘንተውቲ፣ ኣርታዕቲን ኣሰናዳእቲን፣ ወሃብቲ ሓበሬታን መአረምታን፣ ሰኣልቲን ክኢላታት ካርታ፣ ለይኣውትን ዲዛይን ገበርን ልዑል ምስጋናና ነቕርብ፣፣

ኣሳናዳእቲ

ሰለሞን በርሀ
ኣኸደር ኣሕመዲን
ጥዑምዝጊ ተስፋይ